# ስነ-ስርዓት ዝኽሪ ስውኣት ጀጋኑ ተጋደልቲ

# ኣብ - ኢጣልያ





ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ጠቕላሊ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ሚላኖ፣ ከምኡዉን ኩለን ኣብ ኢጣልያ ዝርከባ ማሕበረኮማትን ሃገራውያን ማሕበራትን ብምኽንያት ድንገታዊ መስዋእቲ ገዳይም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብሪጋደር ጀነራል መብራህቱ ተኽልኣብ (ቫይናክ) ብሪጋደር ጀነራል ኣማኒኤል ሃይለ (ሃንጀማ) ገዲም ተጋዳላይ ደሱ ተስፋጽዮን ዝተሰምዖም መሪር ሓዘን ብምግላጽ ኣብ መትከሎም ብጽንዓትን ጅግንነትን ዝተቃለሱ ዉፋያት ተጋደልቲ ብምዃኖም ኣብ ልቢ ነፍሲወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ንዘላኣለም ክሰፍር እዩ ብምባል፣ ንዝተጋደልሉን ንዝተሰውኡሉን ዕላማ ተኸቲሎም ሰላም ዝሰፈና ቅስንትን ስልጥንትን ሃገር ንምህናጽ ዝተለምዎ ሕድሪ ኣብ ምዕራፍ ንምብጻሕ ከምዝጽዕቱ ብምርግጋጽ ንስድራቤቶምን ንመንግስትን ጽንዓት ይሃበና ኢሎም።

ማሕበረ-ኮም ሚላኖን ከባቢኣን ብሰንበት 23/03/2014 ብዙሓት ዜጋታት ዝተሳተፍሉ ኣብ ኣዳራሽ ማሕበረ-ኮም ስነስርዓት ዝኽሪ ኣካይዶም።

ነባሪ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና !!!

ዓወት ንሓፋሽ

ናይ ሓቤረታን ጎስጓስን ኮሚቴ-ኢጣልያ











































“ ጅግና ኣይነርብርን እዩ፣ ታሪኹ እዩ ዝውረስ !!!“